


# <u>ዕድመ ንኣባላት ህዝባዊ ምንቅስቃስ ከለንን ከባቢኣን</u>

<u>11 ነሓሰ 2020</u>

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ኣሕዋትን ኣሓትን ደቂ ሃገር!!
ሰላምታ ብምቕዳም፡ ኣብ ሂወትኩም ጥዕና ኣብ ስራሕኩም ድማ ዓወት ንምነ።

ኩልና ከምንፈልጦ፡ ብዕለት 18 ጥሪ 2020 ኣብ ዝገበርናዮ ኣኼባ ምንቅስቃስና፡ ንኩነታትን ንጥፈታትን ህዝባዊ ምንቅስቃስናን ከምኡ ውን ብደረጃ ጀርመን ንዝወዳደብ ዝነበረ ምትእኽኻብ ናይተን ምንቅስቃሳትን ዘጋጠመ ብድሆታትን ኣመልኪትና ዘቲና ኔርና። ህዝብና ብዛዕባ እቲ ኣብ ሞንጎ ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ጀርመን ዘጋጠመ ዘይምስምማዕ ምስ ሰምዕ፡ ነታ ኣብቲ ግዜ እቲ ወጺኣ ዝነበረት ዓራቂት ሽማግለ ብምጥቃስ <u>*"ንታ ዓራቂት ሽማግለ ዕድል ሃብዋ እሞ፡ ዝበጽሓቶ ውጽኢት ሒዝኩም ተመለሱና"*</u> ዝብል መልእኽቲ ሂቡና ኔሩ። ነዚ መሰረት ብምግባር፡ ኣብ ዝሓለፈ 8 ኣዋርሕ ዝተገብረ ምዕባለ ከም ጸብጻብ ንምቕራብን ናይ ቀጻሊ ጉዕዞናን ንምዝታይ፡ ሽማግለ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ከለንን ከባቢኣን ኣኼባ ሰሪዓ ትዕድም።

<u>መደብ ኣኼባ፡</u>

- **መግለጺ ምንቅስቃስና ብምኽንያት 1 መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ**
- **ጸብጻብ ወፈያ Covid 19፡ ውሳኔ ዝስደደሉ ኣካልን**
- **ጸብጻብ ንጥፈታት ህዝባዊ ምንቅስቃስ ከለንን ከባቢኣን ኣብ 2020**
- **ጸብጻብ ውጽኢት ዓራቂት ሽማግለን፡ ነዚ መሰረት ዝገበረ ውሳኔ ኣባላት ህዝባዊ ምንቅስቃስ ከለንን ከባቢኣን ኣብ ጉዳይ ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ህዝባዊ ምንቅስቃሳት ጀርመን**

ዕለት፡ **05 መስከረም 2020 ሰዓት 15፡30 (03፡30 ድሕሪ ቀትሪ)**
ቦታ፡ **Trumstr. 3, 50733 Köln**

**መተሓሳሰቢ!!**
<u>*ብሰንኪ ለበዳ ኮሮና ክንገብሮ ዘግበኣና ጥንቃቀ ከነዘውትርን ከም ማስክን ካልእ መከላኸሊን ክንማላእ ይግባእ።*</u>

ብደሓን ምጹ!!
ሽማግለ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ከለንን ከባቢኣን